MONTCLAIR SCHOOL
• OF ACADEMICS & ENRICHMENT •

ዝኸበርኩም ሕብረተሰብ Montclair

ከም ዝቕጽል ኩቡር ርእሰ መምህር ቤት ትምህርቲ ኣካዳሚክስን ምህብታምን Montclair ኮይነ ከገልግል ብምኽኣለይ ብሓቂ ነዓይ ክብሪ እዩ። ካብ ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ሕብረተ ሰብን ንክሰምዕን ንክመሃርን ኣብቲ ህንጻ ግዜ ምሕላፍ ንክጅምር ተሃንጥየ ኣለኹ።

ቅድሚ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ Montclair ናይ ምምሃር ስርሐይ ካብ ዝጀምር ኣትሒዘ፣ ናይ ኣመራርሓን ትምህርትን ክእለታተይ ከማዕብል ጸኒሐን ከም ዝቕጽል ርእሰ መምህርኩም ኮይነ ንክመርሕ ድማ ክብሪን ሃንቀውታን ይስመዓኒ። ብዙሕነትኩም፣ ክብርታትኩምን ፍሉይ ሕብረተ ሰብኩምን ዝምስጠኒ ኮይኑ ኣብ ጎንኹም ኮይነ ክመርሕ ድማ ኣዝየ ተሃዊኸ ኣለኹ፡፡

ንዓመተ ትምህርቲ 22-23 ኣብ እንዓጽወሉ ዘለና እዋን ሓደ ካብቲ ቀንዲ ዕላማታተይ ነቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ብሰራሕተኛታትን ተማሃሮን Montclair ዝትግበር ዘሎ ጻዕሪ ምኽባርን ምትብባዕን ክኸውን እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ገስጋስ ዝርከብ መሰረት ንምህናጽ ካብ ሰራሕተኛታት፣ ተምሃሮን ሕብረተሰብን ንምስማዕን ንምምሃርን ግዜ ክውፍይ እየ። ንዝተረፈ ናይዚ ዓመተ ትምህርቲ መደባተይ ንምፍጣር ምስ ናይ ምትሕብባር ዳይረክተርና ዝኾነት ዶክተር Dana Williams ኣብ ዝሰርሓሉ እዋን፡ እዚ ዝፍጸመሎም ዝተፈላለዩ መገድታት ክሕብር እየ። ምስ ሰራሕተኛታት ንምትእስሳር ኣኼባታት ክገብር እየ፣ ምስ ማሕበረሰብና እንራኸበሉ ግዜን ምስ ተማሃሮ ንዘራረበሎም ዕድላትን ከአንግድ እየ።

ኣብ ዝቕጽሉ ብርክት ዝበሉ ሰሙናት ብዝተኻእለ መጠን ምስ ብዙሓት ካባኻትኩም ክራኸብ ብሃንቀውታ ይጽበ ኣለኹ ስለዚ ኣብ ዝተፈላለየ መደባት ክቐርብ እየ።

ኣብ ዝመጽእ ሰሙናት ኣበይ ክትረኽበኒ ከም እትኽእሉ ኣብ ኣብዚ ኣለኩም!

- ግንቦት ዕለት 8 ፖፕሲክልስ ምስ ርእሰ መምህር Barks (ኣብ መውጽኢ እቲ መጻወቲ ባይታ)
- ካብ ግንቦት ዕለት 15-17 ብተማሃሮ ዝተመርሐ ዋዕላ
- ግንቦት ዕለት 17 PEAK ኣኼባ
- ግንቦት ዕለት 22 ቡን ምስ ዕላል ምስ ርእሰ መምህር Barks (8፡15 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቤት ንባብ መጻሕፍቲ)
- ግንቦት ዕለት 23 ናይቲ ኣጋጣሚ መኽፈቲ መዓልቲ

እዚ ምስግጋር ብዝተኻእለ መጠን ስሉጥ ኮይኑ ክስምዓኒ ክጽዕር እየ፡ ድምጽኹም ድማ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርትና ክስማዕን ክውከልን ክሰርሕ እየ። ዓወት ተምሃሮና በቲ ብሓባር እንሃንጾ ድልዱል ሽርክነት ክመጽእ እዩ።

ኣብዚ ጽድያ፣ ነቲ ወይዘሪት Miller-Curley ንሕብረተ ሰብ Montclair ዘበርከተቶ ዘደንቕ ኣመራርሓ ኣብ ምጽንባል ክጽንበረኩም እየ። ወይዘሪት Miller-Curley ነቲ ቤት ትምህርቲ ብዘደንቕ መንገዲ መሪሓቶ እያ፣ ቀጻልነትን ስሉጥ ምስግጋርን ንምርግጋጽ ድማ ኣብ ዝቕጽሉ ሒደት ሰሙናት ካብኣን ካብ instructional leadership team (ጉጅለ ኣመራርሓ ምሕደራን) ብዝተኻእለኒ መጠን ክሰምዕን ክመሃርን እየ።

ኣብ ዝመጽእ ሰሙናት ክንራኸብ ብሃንቀውታ ይጽበ!

Daniel Barks
ርእሰ መምህር | ቤት ትምህርቲ ኣካዳሚክስን ምህብታምን Montclair
Daniel_Barks@dpsk12.net

